## ሓላ/ዝተ/ መሰረታዊ ማ/ሕ/ስ ዕቋርን ልቓሕን ፋና መናእሰይ ብኣቆፃፅራ ፈረንጂ ካብ July 01-2025 ክሳብ Jun 30-2026 (ናይ 2018 በጀት ዓመት) ዘሎ ምንቅስቃስ ሒሳብ ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ኦዲት ከግብር ስለዝደለየ

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ዓርቢ ሰነ 26, 2018 ( ቅድሚ 2 ወርሒ)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ሓምለ 2, 2018 8:00 ቅ/ሰዓት (ሓሊፉ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:50000
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ሓምለ 2, 2018 8:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ኣካውንቲን ተዛማድኡን/ ኦዲት ተዛማድኡን/

ምልክታ ጨረታ

ሓላ/ዝተ/ መሰረታዊ ማ/ሕ/ስ ዕቋርን ልቓሕን ፋና መናእሰይ ብኣቆፃፅራ ፈረንጂ ካብ July 01-2025 ክሳብ Jun 30-2026 (ናይ 2018 በጀት ዓመት) ዘሎ ምንቅስቃስ ሒሳብ ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ኦዲት ከግብር ስለዝደለየ፤ ካብዚ ንታሕቲ ዝተዘርዘሩ ረቛሒታት እተማልኡ ውልቀን ትካላትን ኦዲተራት ሰነድ ጨረታ ካብ ዋና ቤት ፅሕፈትና ብምውሳድ ንኽትወዳደሩ ንዕድም።

ተደለይቲ ረቛሒታት

1. ኦዲት ንምክያድ ካብ ዝምልከቶ ኣካል ምስክር ወረቐት ብቅዓት መረጋገፂ ሞያ ብርኪ ሓደን ዝተሓደሰ ፍቓድ ንግዲ 2017ዓ/ምን ዘቕርብ፣

2. ብኢትዮጵያ ኣተሓሕዛ ሒሳብን ኦዲትን ቦርድ(AAABE) ዝተሓደሰ መስርሒ ፍቓድ ዘለዎን ብonline ክረጋገፅ ዝኽእልን።

3. ኣብ ትካላት ፋይናንስ ኦዲት ስራሕቲ ሰሪሑ ከም ዝነበረ መረዳእታ ከቅርብ ዝኽእልን ብፍላይ ኣብ ማሕበር ሕብረት ስራሕ 3 ግዜን ልዕሊኡን ልምዲ ስራሕ ኦዲት፣ ACCልን CPልን ዘለዎም ኦዲተራት ቀዳምነት ይወሃቦም።

4. ዝተሓደሰ ፍቃድ ንግዲ ስራሕ፣ ግብሪ ከፋላይ መለለይ ቁፅሪ /Tin No/፣ ምዝገባ ሰርቲፊኬት ቫት፣ ናይ ዝሓለፈ ወርሒ ቫት ዲክለር ዝገበረሉን ናይ ኩሎም መረዳእታ ሰነድ ከቕርብ ዝኽእልን።

5. ሒሳብ ሰነድ ኦዲት ዝካየደሉ ቦታ ኣብ ዋና ቤት ፅሕፈት ማሕበር ፋና መናእሰይ ምኻኑ ፈሊጡ ዝሳተፍ።

6. መኽበሪ ጨረታ ብሸም ሓላ/ዝተ/መ/ማ/ሕ/ስ ዕቋርን ልቓሕን ፋና መናእሰይ ብር 50,000(ሓምሳ ሽሕ ብር) ብባንኪ ዝተረጋገፀ ሲፒኦ (cpo)፤ ብጥረ-ገንዘብ ወይ ኣብ ኩነታት ዘይተመስረተ ባንኪ ውሕስና ከትሕዙ ዝኽእሉ።

7. ተጫረቲ ሰነድ ጨረታ፣ ምልክታ ጨረታ ካብ ዝተጋወሐሉ ዕለት ጀሚሩ ንተኸታታሊ 7 መዓልቲ ኣብ ስራሕ ሰዓት ዘይምለስ ብር 300 (ሰለስተ ሚኢት ብር) ብምኽፋል ምውሳድ ይኽእሉ።

8. ሰነድ ጨረታ ፋይናንሻልን ቴክኒካልን ብዝግባእ መሊኦም ምስ ደጋፊ መረዳእተኦም ፋይናንሻል ዋና (ኦርጅናል)ን ኮፒን ነንበይኑ ኣብ ክልተ ፖስታ ቴክኒካል ድማ ዋና (ኦርጅናል)ን ኮፒን ነንበይኑ ኣብ ክልተ ፖስታ ተዓሺጎም ኣብ ሕድ ሕዱ ፖስታ ሽም ተጫራቲ፣ ኣድራሻ፣ ፊርማ፣ ኦርጅናልን ኮፒን ተባሂሉ ዝተፀሓፈሉ ማህተምን ፊርማን ዓሪፍዎ ኣብ ዋና ቤት ፅሕፈት ዝተዳለወ ሳንዱቕ ክሳብ ዕለት

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

02/11/2017 ዓ/ም ሰዓት 8:00 ከእትው ኣለዎም።

9. ጨረታ ዕለት 02/11/2017 ዓ/ም ሰዓት 8:00 ተዓፅዩ በዚ ዕለት ተጫረቲ ወይ ሕጋዊ ወኪላቶም ኣብ ዝተረኸብሉ ኣብ ኣዳራሽ ዋና ቤት ፅሕፈት ማሕበር ሰዓት 8:30 ይኸፈት።

10. ተጫረቲ ኣብ ሕድ ሕድ ገፅ ሰነድ ጨረታ ፊርማ ዝምልከቶ ኣካልን ማህተም ተጫራቲ ድርጅትን ከዕርፍሉ ይግባእ።

11. ከይዲ ጨረታ ንምዝባዕ ዝፍትኑ ተጫረቲ ካብ ጨረታ ብምስራዝ ብተወሳኺ ናብ ቤት ፅሕፈት ዋና ኦዲተር ክልል ትግራይን AAABEን ፀብፃብ ይቐርበሎም።

12. ተጫራታይ ዘቕርቦ ኦዲት ፀብፃብ ብቛንቛ ትግርኛን እንግሊዚኛን ምኳኑ ፈሊጡ ክወዳደር ኣለዎ።

13.ማሕበርና ዝሓሸ መማረፂ እንተረኺቡ ጨረታ ብሙሉእ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

14. ኣድራሻና ኣብ ህንፃ መንፈሳዊ ኮለጅ ካሳቴ ብርሃን ሳልሳይ ደብሪ ንርከብ።

15. ንዝበለፀ መብርሂ ኣብ ስራሕ ሰዓት ናብ ቤት ፅሕፈትና ብኣካል ቀሪብካ ምሕታት ይከኣል።

© *መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ።* 2013 - 2026 Made with love in Mekelle